# <u>ዓወትና ናይ ግድን'ዩ።</u>

መርሓባ ደቂ ኤረ ዕጡቓት ስረ፡
እዝግሄር ህቡዎ ምሳኹም ዝመኸረ፡
ከይተመስሔ ዝጸግብ ከይተደረ፡
ልግሱኹም ፍሉጥ ዓለም ዘመስኽረ።

ህውከት ዘይትፈትዉ እንትርፎ ዓቕሊ፡
ጽልኢ ትፈርሁዋ ከም ኣስሓይታ ቁሪ፡
ነብሱኹም ትብድሉ ምእንቲ ፍቕሪ።
መን ኣሎ ከማኹም ሕማቕን ጽቡቕን ዝፈላሊ።

ጡሙራት ማእዶ ብሓንቲ ቀሌበት፡
ሓድነትኩም ተሪር ተኣሳሰረ ሰንሰለት፡
ግስጋሰ ተመዝግቡ ዕለት ብዕለት፡
ንቃለስ ጥራሕ ከመጽእ'ዩ እቲ ዓወት።

ብሓሶት ተወዲቡ ዝተላዕጠጠ ቕርሕንቲ፡
መሰረት ዘይብሉ ዝተበየነ ፍርዲ፡
ግስጋሰና ከዓግት ከትፈርስ ዓዲ፡
ሓቃንድያ እዛ ዓለም ክትስእን ቅሱን ፈራዲ።

መሲሉዎም ዝጸዓት ሕልናና፡
ዝድምደም ዝግታእ ቃልሲ ንመሰልና፡
ኢድና ንህብ ኣሮማይ ኢልና፡
ዘበት ክፈልጡ እዮም መን ምዃና።

ድሉዋት ንኹሉ እንተታት፡
ብመንነትኩም ሕቡናት ኩሩዓት፡
ዝመጸ ትምክቱ ብዓቕሊ ብህድኣት፡
ስለ ተሰከምኩም ሕድሪ እቶም ስዉኣት።

ገና'ዩ እቲ ቃልሲ ኣሎ ነዊሕ ጉዕዞ፡
ነጽንዕ ዕርፊ ኣትሪርና ንሓዞ፡
ኣኽላባት ክነብሑ፡ ገመል ይቕጽል ጸሩ ከይዛዞ፡
ኣብ ምዕራፉ ከበጽሕ ህዝብዊ ኣግእዞ።

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና።
ዓወት ንሓፋሽ።
ገብረንጉስ መስመር።